# እንታይ እዩ ዚኣምኑ፧

ናይ የሆዋ መሰኻኽር ኣብቲ ንሰማይን ምድርን ዝፈጠረ ዅሉ ዚኽእል የሆዋ ኣምላኽ እዮም ዚኣምኑ። ህላወ እቲ ኣብ ዩኒቨርስ ዚርከብ እተሓላለኸ ንድፊ: ሓደ ኣዝዩ መስተውዓልን ሓያልን ፈጣሪ ኸም ዘሎ ዜረድእ እዩ። ልክዕ ከምቲ ሰባት ዚሰርሕዎ ስራሕ ንባህርያቶም ዚምስክር: ፍጥረታት ድማ ንባህርያት የሆዋ እዩ ዚምስክር። መጽሓፍ ቅዱስ “እቲ ኻብ ፍጥረት ዓለም ጀሚሩ ብግብሩ ዚፍለጥ ዘይርኤ ባህርዩ . . . ኣጸቢቑ ይርኤ” ይብለና። ከምኡውን ብዘይ ድምጺ ወይ ቃል “ሰማያት ክብሪ ኣምላኽ የዘንትዉ: ጠፈር ከኣ ግብሪ ኣእዳዉ የውሪ።”—ሮሜ 1:20፣ መዝሙር 19:1-4

ሰባት: ዕትሮ ኾነ ተለቪዥን ኰነ ወይ ኮምፒዩተር ብዘይ ዕላማ ኣይሰርሑን እዮም። ምድርን ኣብኣ ዚርከብ ፍጥረታትን እንስሳታትን ኣታኽልትን ግን ካብዚ ብዝያዳ ዜደንቕ እዩ። እቲ ንምሕሳብ እንጥቀመሉ ኣዝዩ ዜደንቕ ሓንጎልና ሓዊስካ: ቅርጺ ኣካላትና ምስቲ ሒዝዎ ዘሎ ብትርልዮናት ዚቖጻር ዋህዮታት ኣዝዩ ዜስደምም ካብ ምዃኑ እተላዕለ ምሉእ ብምሉእ ኣይንርድኦን ኢና። እቲ ብተዛማዲ ኺርአ ኸሎ ኣብ ግምት ዘይኣቱ ምህዞ ደቅሰብ ዕላማ ኻብ ሃለዎ: ብርግጽ እምበኣር የሆዋ ነቲ ዜደንቕ ፍጥረታቱ ኺፈጥር ከሎ ዕላማ ነይርዎ እዩ። ምሳሌ 16:4 “እግዚኣብሄርሲ ዅሉ ንምዱብ ነገር . . . ፈጠሮ” ትብለና።



ምድሪ ሰብ እናተኸናኸና ንዘለኣለም መንበሪት ክትከውን እያ ብየሆዋ ተፈጢራ

የሆዋ ነቶም ቀዳሞት ሰብኣይን ሰበይትን: “ፍረዩን ተባዝሑን ንምድሪ ኸኣ ምልእዋን ምለኽዋን: ንዓሳ ባሕርን ነዕዋፍ ሰማይን ኣብ ምድሪ ለመም ንዚብል ኵሉ እንስሳን ከኣ ግዝኡ” ኪብሎም ከሎ ንምድሪ ብዕላማ ኸም ዚፈጠራ ዜርኢ እዩ። (ዘፍጥረት 1:28) እዞም ሰብኣይን ሰበይትን ብዘይምእዛዞም ግን: ንምድርን ነቲ ኣብኣ ዚርከብ እንስሳታትን ኣታኽልትን ዚከናኸኑ ብጽድቂ ዚመላለሱ ስድራቤት ኣይመስረቱን። ብሰንኪ እዚ ግን ዕላማ የሆዋ ኣይፈሸልን እዩ። ኣሽሓት ዓመታት ጸኒሑ: “ኣምላኽ እዩ: ንምድሪ ዝደኰና . . . ማሕደር ሰብ ክትከውን ዝደኰና እምበር: ጥራያ ኽትከውን ዘይፈጠራ” ዚብል ተጻሕፈ። ክትጠፍእ ዘይኰነትስ ‘ንዘለኣለም ክትቀውም’ እያ ተፈጢራ። (ኢሳይያስ 45:18፣ መክብብ 1:4) የሆዋ “ምኽረይ ኪቐውም እዩ: ፍቓደይ ኵሉውን ክፍጽም እየ” ስለ ዚብል: እቲ ንምድሪ ዘለዎ ዕላማ ብምሉኡ ኺፍጸም እዩ።—ኢሳይያስ 46:10

# ናይ የሆዋ መሰኻኽር እንታይ እዮም ዚኣምኑ፧

| እምነት | ቅዱስ ጽሑፋዊ መሰረት |
| --- | --- |
| መጽሓፍ ቅዱስ ቃል ኣምላኽን ሓቅን እዩ | 2 ጢሞ. 3:16, 17፣ 2 ጴጥ. 1:20, 21፣ ዮሃ. 17:17 |
| መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ስርዓት ሰብ ዝያዳ የተኣማምን | ማቴ. 15:3፣ ቈሎ. 2:8 |
| ስም ኣምላኽ የሆዋ እዩ | መዝ. 83:18 *NW*፣ ኢሳ. 26:4 *NW*፣ 42:8 *NW*፣ ዘጸ. 6:3 *NW* |
| የሱስ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽን ካብኡ ዚትሕትን እዩ | ማቴ. 3:17፣ ዮሃ. 8:42፣ 14:28፣ 20:17፣ 1 ቈረ. 11:3፣ 15:28 |
| ክርስቶስ በዅሪ ዅሉ ፍጥረት ኣምላኽ እዩ | ቈሎ. 1:15፣ ራእ. 3:14 |
| ክርስቶስ ኣብ መስቀል ዘይኰነስ ኣብ ዕንጸይቲ እዩ ተሰቒሉ | ገላ. 3:13፣ ግብ. 5:30 |
| ሰብኣዊ ህይወት ክርስቶስ ንእዙዛት ደቅሰብ እዩ በጃ ተዋሂቡ | ማቴ. 20:28፣ 1 ጢሞ. 2:5, 6፣ 1 ጴጥ. 2:24 |
| ሓንሳእ እተገብረ መስዋእቲ ክርስቶስ እኹል እዩ | ሮሜ 6:10፣ እብ. 9:25-28 |
| ክርስቶስ ዘይመውት መንፈሳዊ ኣካል ሒዙ እዩ ኻብ ሞት ተንሲኡ | 1 ጴጥ. 3:18፣ ሮሜ 6:9፣ ራእ. 1:17, 18 |
| ክርስቶስ ምሳና ምህላዉ ብመንፈስ ስለ ዝዀነ ኣይርኣን እዩ | ዮሃ. 14:19፣ ማቴ. 24:3 *NW*፣ 2 ቈረ. 5:16፣ መዝ. 110:1, 2 |
| ኣብ “ዘመን መወዳእታ” ኢና እንነብር ዘሎና | ማቴ. 24:3-14፣ 2 ጢሞ. 3:1-5፣ ሉቃ. 17:26-30 |
| እታ ክርስቶስ ዜመሓድራ መንግስቲ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ብጽድቅን ብሰላምን ክትገዝእ እያ | ኢሳ. 9:6, 7፣ 11:1-5፣ ዳን. 7:13, 14፣ ማቴ. 6:10 |
| መንግስቲ ኣምላኽ ኣብ ምድሪ ምሹእ ኵነታት ከም ዚህሉ ኽትገብር እያ | መዝ. 72:1-4፣ ራእ. 7:9, 10, 13-17፣ 21:3, 4 |
| ምድሪ ፈጺማ ኣይክትጠፍእን ወይ ኣይክትባድምን እያ | መክ. 1:4፣ ኢሳ. 45:18፣ መዝ. 78:69 |
| ኣምላኽ ነዚ ኣገባብ እዚ ኣብ ውግእ ኣርማጌዶን ኬጥፍኦ እዩ | ራእ. 16:14, 16፣ ጸፍ. 3:8፣ ዳን. 2:44፣ ኢሳ. 34:2፣ 55:10, 11 |
| እኩያት ሰባት ንዘለኣለም ኪጠፍኡ እዮም | ማቴ. 25:41-46፣ 2 ተሰ. 1:6-9 |
| ስምረት ኣምላኽ ዘለዎም ሰባት ናይ ዘለኣለም ህይወት ኪረኽቡ እዮም | ዮሃ. 3:16፣ 10:27, 28፣ 17:3፣ ማር. 10:29, 30 |
| ናብ ህይወት እትመርሕ ሓንቲ መገዲ ጥራይ እያ ዘላ | ማቴ. 7:13, 14፣ ኤፌ. 4:4, 5 |
| ሰባት ብሰንኪ ሓጢኣት ኣዳም እዮም ዚሞቱ | ሮሜ 5:12፣ 6:23 |
| ሰብ ኪመውት ከሎ: ነፍሲ ኻብ ህላወ ተቛርጽ | ህዝ. 18:4፣ መክ. 9:10፣ መዝ. 6:5፣ 146:4፣ ዮሃ. 11:11-14 |
| ሲኦል መቓብር ደቅሰብ እዩ | እዮ. 14:13፣ ራእ. 20:13, 14 |
| ተስፋ ምዉታት ትንሳኤ እዩ | 1 ቈረ. 15:20-22፣ ዮሃ. 5:28, 29፣ 11:25, 26 |
| እቲ ብሰንኪ ኣዳም ዝመጸ ሞት ኪቛረጽ እዩ | 1 ቈረ. 15:26, 54፣ ራእ. 21:4፣ ኢሳ. 25:8 |
| 144,000 ዚኣኽሉ ሒደት መጓሰ ጥራይ እዮም ናብ ሰማይ ብምኻድ ምስ ክርስቶስ ዚገዝኡ | ሉቃ. 12:32፣ ራእ. 14:1, 3፣ 1 ቈረ. 15:40-53፣ ራእ. 5:9, 10 |
| እቶም 144,000 ከም መንፈሳውያን ደቂ ኣምላኽ ኰይኖም እንደገና ተወሊዶም እዮም | 1 ጴጥ. 1:23፣ ዮሃ. 3:3፣ ራእ. 7:3, 4 |
| ምስቶም ብመንፈስ እስራኤላውያን ሓድሽ ኪዳን ተገይሩ እዩ | ኤር. 31:31፣ እብ. 8:10-13 |
| ማሕበር ክርስቶስ ኣብ ገዛእ ርእሱ እያ ተሃኒጻ | ኤፌ. 2:20፣ ኢሳ. 28:16፣ ማቴ. 21:42 |
| ጸሎት ብየሱስ ክርስቶስ ኣቢሉ ጥራይ እዩ ናብ የሆዋ ኪቐርብ ዘለዎ | ዮሃ. 14:6, 13, 14፣ 1 ጢሞ. 2:5 |
| ኣብ ኣምልኾ ምስሊ ምጥቃም ግቡእ ኣይኰነን | ዘጸ. 20:4, 5፣ ዘሌ. 26:1፣ 1 ቈረ. 10:14፣ መዝ. 115:4-8 |
| ሓተታ መናፍስቲ ኺውገድ ኣለዎ | ዘዳ. 18:10-12፣ ገላ. 5:19-21፣ ዘሌ. 19:31 |
| ሰይጣን ዘይርኣ ገዛኢ እዛ ዓለም እዚኣ እዩ | 1 ዮሃ. 5:19፣ 2 ቈረ. 4:4፣ ዮሃ. 12:31 |
| ሓደ ክርስትያን ሃይማኖታት ንምትሕንፋጽ ኣብ ዚግበር ምንቅስቓስ ኢዱ ኼእቱ የብሉን | 2 ቈረ. 6:14-17፣ 11:13-15፣ ገላ. 5:9፣ ዘዳ. 7:1-5 |
| ሓደ ክርስትያን ካብ ዓለም ኪፍለ ኣለዎ | ያእ. 4:4፣ 1 ዮሃ. 2:15፣ ዮሃ. 15:19፣ 17:16 |
| ናይ የሆዋ መሰኻኽር ምስ ሕጊ ኣምላኽ ዘይጋጮ ሕጊ ሰባት የኽብሩ እዮም | ማቴ. 22:20, 21፣ 1 ጴጥ. 2:12፣ 4:15 |
| ደም ብኣፍካ ይኹን ብሰራውር ደም ናብ ኣካላትካ ምእታው ሕጊ ኣምላኽ ዚጥሕስ እዩ | ዘፍ. 9:3, 4፣ ዘሌ. 17:14፣ ግብ. 15:28, 29 |
| ብዛዕባ ስነ-ምግባር ዚምልከት ሕግታት መጽሓፍ ቅዱስ ኪሕሎ ኣለዎ | 1 ቈረ. 6:9, 10፣ እብ. 13:4፣ 1 ጢሞ.3:2፣ ምሳ. 5:1-23 |
| ሰንበት ምኽባር ንእስራኤላውያን ጥራይ እተዋህበን ምስ ሕጊ ሙሴ ዘብቅዐን እዩ | ዘዳ. 5:15፣ ዘጸ. 31:13፣ ሮሜ 10:4፣ ገላ. 4:9, 10፣ ቈሎ. 2:16, 17 |
| ካህን: ቀሺ: ወይ ፍሉይ ሃይማኖታዊ መዓርጋት ምጥቃም ግቡእ ኣይኰነን | ማቴ. 23:8-12፣ 20:25-27 |
| ወድሰብ ብፍልቀት ዘይኰነስ ብፍጥረት እዩ መጺኡ | ኢሳ. 45:12፣ ዘፍ. 1:27፣ ማቴ. 19:4 |
| ክርስቶስ ንኣምላኽ ንምግልጋል ክንስዕቦ ዘሎና ኣብነት ሰሪዑ ኣሎ | 1 ጴጥ. 2:21፣ እብ. 10:7፣ ዮሃ. 4:34፣ 6:38 |
| ምሉእ ብምሉእ ኣብ ማይ ብምጥሓል ዚግበር ጥምቀት ርእስና ሽም ዝወፈና ዜመልክት እዩ | ማር. 1:9, 10፣ ዮሃ. 3:23፣ ግብ. 19:4, 5 |
| ክርስትያናት ንዝረኸብዎ ቕዱስ ጽሑፋዊ ሓቅታት ተሓጒሶም እዮም ንሰባት ዚምስክሩ | ሮሜ 10:10፣ እብ. 13:15፣ ኢሳ. 43:10-12 |

ስለዚ ኸኣ እዮም ናይ የሆዋ መሰኻኽር ምድሪ ንዘለኣለም ከም እት ነብር: ኵሎም ምስ ዕላማታት የሆዋ ተሰማሚዖም ዝነበሩ ሰባት: እንተላይ እቶም ሞይቶም ዘለዉ: ኣብታ ውቅብቲ ምድሪ ንዘለኣለም ከም ዚነብሩ ዚኣ ምኑ። ኵሎም ደቅሰብ ካብ ኣዳምን ሄዋንን ዘይፍጽምና ስለ ዝወረሱ ሓጥኣን እዮም። (ሮሜ 5:12) መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ይብለና:- “ዓስቢ ሓጢኣትሲ ሞት እዩ።” “ህያዋንሲ ኸም ዚሞቱ ይፈልጡ እዮም: ምዉታት ግና ገለ እኳ ኣይፈልጡን።” “እታ ሓጢኣት እትገብር ነፍሲ ንሳ ኽትመውት እያ።” (ሮሜ 6:23፣ መክብብ 9:5፣ ህዝቅኤል 18:4, 20) ከምዚ ኻብ ኰነ: ምዉታት ተኻፈልቲ እቲ ኣብ ምድሪ ዚህሉ በረኸት ኪኾኑ ዚኽእሉ ብኸመይ እዮም፧ የሱስ ባዕሉ “ትንሳኤን ህይወትን ኣነ እየ። እቲ ብኣይ ዝኣመነስ እንተ ሞተ እኳ: ብህይወት ኪነብር እዩ” ከምኡውን “ኣብ መቓብር ዘለዉ ዅላ ቶም ድምጹ ዚሰምዑላ ሰዓት ክትመጽእ እያ” ስለ ዝበለ: በቲ የሱስ ክርስ ቶስ ዝኸፈሎ በጃ ጥራይ እዩ ትንሳኤ ኺርከብ ዚከኣል።—ዮሃንስ 5:28, 29፣ 11:25፣ ማቴዎስ 20:28





እዚ ግን ብኸመይ እዩ ኺፍጸም፧ እዚ ኣብቲ የሱስ ኣብ ምድሪ ኸሎ ኪእውጆ ዝጀመሮ “ብስራት መንግስቲ ኣምላኽ” ተገሊጹ ኣሎ። (ማቴዎስ 4:17-23) ሎሚ ናይ የሆዋ መሰኻኽር ነቲ ብስራት ብፍሉይ መገዲ ይሰብክዎ ኣለዉ።

